Australian Government
Department of Home Affairs

AMEP
Adult Migrant English Program

# ብ'ፕሮግራም እንግሊዝኛ ንዓበይቲ ስደተኛታት' (Adult Migrant English Program) ዚውሃብ ክንክን ቖልዑ

ትምህርቲ Adult Migrant English Program (AMEP) እናወሰድኩም ከለኹም፡ ክንክን ቖልዑ ክውሃበኩም የድልየኩም'ዶ? ትምህርቲ AMEP እናወሰድኩም ከለኹም፡ ነቶም ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ደቅኹም ዚውሃብ ናጻ ክንክን ቖልዑ ይውሃብ እዩ።

ወሃቢ ኣገልግሎት AMEP፡ ካብ ገዛኹም ወይ ቦታ-ትምህርቲ AMEP ናይ 30 ደቓይቕ ርሕቀት ኣብ ዘለዎ ክንክን ቖልዑ ንኽህበኩም ክጽዕር እዩ። እዚ ግን ኩሉ ግዜ ይከኣል ማለት ኣይኮነን። ወሃብቲ ኣገልግሎት AMEP፡  ንዓኹም ዝቐረበ ቦታ ክንክን ቖልዑ ንኽትረኽቡ ዝከኣሎም ይገብሩ እዮም።

ወሃብቲ ኣገልግሎት AMEP፡ ምስ ምጅማር ትምህርቲ AMEP ዚሰማማዕ ክንክን ጥዕና ክረኽበልኩም እዩ። ኣብ ትምህርቲ ንእትህልውሉ መዓልታት፡ ክንክን ቖልዑ ንኽትረኽቡ ድማ ክጽዕሩ እዮም። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ክፉት ቦታታት ክንክን ቖልዑ፡ መብዛሕቱ ግዜ ውሱን ስለዝኾነን ልዑል ጠለብ ድማ ስለዘለዎን፡ ኩሉ ግዜ ንኽርከብ ይከኣል ማለት ኣይኮነን። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ክፉት ቦታታት፡ ብኡንብኡ ክረከብ ይኽእል እዩ፣ ወይ ድማ ንተወሳኺ መዓልታት ቦታ ክሳዕ ዝርከብ፡ ከፊላዊ ቦታታት ክንክን ቖልዓ ከምእትውሃቡ ኽግበር ይከኣል እዩ።

ናጻ ክንክን ቖልዑ፡ ትምህርቲ AMEP እናወሰድኩም ከለኹም ጥራይ ይውሃበኩም። ካብ ግዜ ትምህርቲ AMEP ወጻኢ ንዝኾነ ንጥፈታት ንምክያድ ተባሂሉ፡ እዚ ክንክን ቖልዑ ኣይውሃብን እዩ። ኣብ ትምህርቲ AMEP ኣብ ዘይትህልውሉ እዋን ወይ ንትምህርትኹም ኣብ ዝወዳእክሙሉ ግዜ፡ ክንክን ቖልዑ ባዕልኹም ክትረኽቡ ይግባእ። ውላድኩም ወይ ደቅኹም፡ ንገለ ንውሓት ግዜ ኣብቲ ዝውሃብ ክንክን ምስዘይርከቡ፡ ንወሃቢ ኣገልግሎት AMEP ክትሕብሩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ እቲ ንደቅኹም እተሓዝኤ ቦታ ክንክን ቖልዑ፡ ለውጥታት ንኽግበረሉ ተባሂሉ እዩ።

ካብ ትምህርቲ AMEP ንብዙሕ ግዜ እንተብኩርኩም፡ ወሃብ ኣገልግሎት፡ ንእተሓዝኣልኩም ቦታ ክንክን ቖልዑ ክስረዝ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን፡ ናብ ትምህርቲ AMEP ኣብ እተመለስክሙሉ እዋን፡ ናጻ ክንክን ቖልዑ እንደገና ትረኽቡ ኢኹም።  ክፉት ቦታ ክንክን ቖልዑ ክሳዕ ዝርከብ ድማ ክትጽበዩ ከድልየኩም ይኽእል እዩ።

ከመይ ዝበለ ክንክን ቖልዑ ከምዘድልየኩም ገምጋም ኣብ ዝካየደሉ እዋን፡ ወሃቢ ኣገልግሎት AMEP፡ ትምህርትኹም ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክትጅምሩ መታን ኽትክእሉ፡ ሰፊሕ ዕድላት ክውሃበኩም ይከኣል እዩ። ንኣብነት፥ ከምዚ ዚስዕብ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም፥

- መሳለጥያ ክንክን ቖልዑ ኣብ ዝውሃበሉ ማእከል ኮም ክትምሃሩ
- ካብቲ እትደልይዎ ርሕቐት ንላዕሊ ናብ ዝኾነ ቦታ ክትጉዓዙ
- ክፉት ቦታ ክንክን ቖልዑ ክሳዕ ዝርከብ፡ ምስ ናይ ገዛ መምህር ወይ ብመገዲ ምልእኣኽ ክትምሃሩ

***ብትምህርቲ ዚርከብ ዕድል***

እቲ እተረኽበ ክንክን ቆልዑ፡ ንድሌታትኩም ዘየማልእ ምስዝኸውን፡ ብዛዕብኡ ዚምልከት ምስ ወሃቢ ኣገልግሎት AMEP ክትዘራረቡ ይግባእ።

ብዛዕባ ክንክን ቆልዑ ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ምስ ወሃቢ ኣገልግሎት AMEP ተዘራረቡ።.